ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
الهيئة التنفيذية

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT**
**Executive Committee**

---

# ኤርትራ ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ሓርበኛታት
# መምህር መሓመድ ዑመር ያሕያ ኣፋንያ !!

*ንህዝቢ ኤርትራን ንሃገራዊ ተቓውሞ ኤርትራን ዓቢ ኣብነት ቃልሲ ዝኾነ ተጋዳላይ መምህር መሓመድ ዑመር ያሕያ፡ ድሕሪ ነዊሕ ሕማም፣ ብሰሉስ ዕለት 3 ሰነ 2025 ኣብ ሱዳን ከተማ ገዳረፍ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩና።*

*ስዉእ መሓመድ ዑመር ያሕያ ንልዕሊ ስሳ ዓመታት ኣብ ዘካየዶ ዘይሕለል ቃልሲ ንህዝቡን ሃገሩን ዓቢ ሃገራዊ ኣስተዋጽኦ ብምብርካቱ፣ ንኤርትራ ሃገርናን ንመጻኢ ወለዶታትናን ክብርታት መስዋእትን ሃገራውነትን ካብቶም ዘውረሱ ሓርበኛታት ሓደ ኢዩ እንተበልና ምግናን ኣይኮነን።*



*ጅግና ተጋዳላይ መሓመድ ዑመር ያሕያ ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ተጸንቢሩ፣ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኤርትራ፣ ምስጢራዊ ጉጅለታት ሓረካ (ማሕበር ሸውዓተ) ኣብ ምውዳብ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ድሕሪ ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብምስላፍ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ ቃልሲ ልዑል ሃገራዊ ኣበርክቶኡ ቀጸሎ። ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፖለቲካውን፣ ሞራላውን፣ ንዋታውን ደገፍ ንምርካብ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዓረብ እናተጓዕዘ፡ ዘይሕለል ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት የካይድ ነበረ። ኣብ ሃገራት ወሸመጥ ዓረብን ኢራንን ኣብ ምቛም ሓያሎ ኣብያተ ጽሕፈት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ ኢዩ። ኣብ ሱዳንን ኣብ ሓያሎ ርእሰ ከተማታት ዓረብን ኢራንን ከም ወኪል ተሓኤ ኮይኑ'ውን ሰሪሑ።*
*ሓርበኛ ስዉእ መሓመድ ዑመር ያሕያ፡ ብለዋህ ስነ-ምግባሩን፡ ትሕትንኡን፡ ንኹሉ ክሕግዝ ህርድግ ዝብልን ኣብ ርእሲ ምንባሩ፣ ተዋዛይን፣ ፍሽኽታ ካብ ገጹ ዘይፍለዮን ሰብ ኢዩ ነይሩ። ምስ'ዚ ዝተጠቕሰ ባህርያት ተደሚሩ ከኣ፣ ኣፍልጦ ናይ ሓያሎ ኤርትራውያን ቛንቛታት ይውንን ብምንባሩ ንኹሎም ኣካላት ህዝቢ ኤርትራን፣ ዝተፈላለየ ዝምባሌታት ዘለዎም ሃገራውያን ሓይልታትን ናይ ምቅርራብን ዝምድናን ናይ ምፍጣርን ዕድል ከፈተሉ።*

*ከም ስውእ መሓመድ ዑመር ያሕያ ዝኣመሰለ ብሉጽን ውፉይን ተቓላሳይ፣ ኣብታ ምሉእ ህይወቱ ዝወፈየላ ሃገር ክኸበር ይግበኦ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጨቋኒ ስርዓት፡ ቃልሱን ቃልስታት ኩሎም ሃገራውያንን ስለ ዝጠለመ፡ ሓርበኛ መሓመድ ዑመር ያሕያ ኣንጻር ምልኪ ቃልሱ ክቕጽል ወሰነ። ኣቀዲሙ ኣብ መሳርዕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶን፣ ቀጺሉ ድማ ኣብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ኣብ መትከሉ ጸኒዑ ብተወፋይነት ተቓሊሱን ዘቓለሰን ሓርበኛ ኢዩ።*

*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ መትከላት መራሒኡ ስዉእ መሓመድ ዑመር ያሕያን መንፈስ ኩሎም ጀጋኑ ስዉኣትናን ጸኒዑ፣ ሰንደቕ ዕላማ ሓርነትን ፍትሕን ልዕልነት ሕግን ኣብ ሃገርና ክሳብ ተንበልብል ከይተሓለለ ቃልሱ ክቕጽል ምኳኑ ቃሉ የሐድስ።*

*ንስዉእ ብጻይና መሓመድ ዑመር ያሕያ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎ፣ ንበዓልቲ ቤቱ ወይዘሮ ራውዳ ሳልሕ፡ ንደቁ (ካልድ፡ ኣሕላም፡ ዋሂብን)፡ ንኹሎም ክቡራት ስድራ ቤት ያሕያ፡ ንብጾቱ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ከሎም ሃገራውያን ናይ ቃልሲ ብጾቱን ንህዝቢ ኤርትራን ጽንዓትን ኣኻእሎና ይሃበና።*

*ክብርን ዘለኣለማዊ ዝኽርን ንስዉኣትና!!*

*ፈጻሚ ኣካል*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*3 ሰነ 2025 ዓ.ም*